# ማረት- ህይወት ወፃእተኛ ካብ ሞት ዘድሓነ ሰናይ ተግባር ማረት

ወገሐ ፀብሐ ብሓገዝ ቴክኖሎጂ ዓለም ምስ ዓለማ ዘራኽቡ ዘለዉ ኤሌክትሮኒክ ደብዳቤታት /ኢ-ሜይላት/ ምንባብ፣ ምፅሓፍ፣ መልሲ ምሃብ፣ ምክትታል፣ ምግንዛብ ወዘተ ዳርጋ ናይ ኩሉ ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈት ማሕበራዊ ረድኤት ትግራይ /ማረት/ ዘሎ ሰራሕተኛ ዕማም እዩ ናብቶም ተመዲቡ ዝሰርሑዎም ሞያዊ ስራሕቲ ብተወሳኺ። ሓበሬታታት ብኤሌክትሮኒክ ደብዳቤታት ተሓጊዙ ምስ በቢየ ክፍለ ዓለሙ ዘለዉ ደገፍቲ ኣካላት፣ ውልቀ ሰባት፣ ትካላት ወዘተ ይራኸብ ስራሕ ንምቅልጣፍ። ሰሙናትን ኣዋርሕን ዝወስድ ጉዕዞ ብሰከንድታት ይፍፀም ዕድመ ንሳይንስን ቴክኖሎጂን። በዚ ኣቢሉ ካዓ ዕለታዊ ስራሕቱ ኣብ ሓፂር እዋን ይውግን። እዚ እቲ ኣብ ቤት ፅሕፈት ዘሎ ሰራሕተኛ ማረት ካብ ዝዓሞም ቅልጡፍ ልምዓታዊ ስራሕቲ እቲ ሓደ እንትኸውን ካልኦት እዋናውን ቅልጡፍን ምላሽ ዝጠልቡ ብርክት ዝበሉ ንጥፈታት እውን ከከም ኣድላይነቶም ይፍፀሙ።

እቲ ካብ ቤት ፅሕፈት ወፃኢ ንዝተፈላለዩ ሞያዊ ንጥፈታት ክሳብ ጣብያታት ወረዱ፣ ደይቡ ደኺሙ ሰልኪዩኒ እንተይበለ እዋናዊ ሓበሬታታት ካብ ታሕቲ ዘቐብል ካሊእ ልምዓታዊ ሓይሊ እውን ኣሎ ብማረት ተዋቒሩ ዝሰርሕ ናይ ለውጥን ልምዓትን ሓይሊ። ኣመራርሓ እቲ ትካል ድማ ተፈፃምነት ናይዞም ኣቐዲምና ዝገለፅናዮም ስራሕቲ ብዕቱብ ይከታተል። ንነብሲ ወከፍ ብዓል ሞያ ዘድልይዎ እታወታት ሓበሬታ ኣብ እዋኑ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት እንዳተረዳድአ የዕጥቕ። ኣብ ባይታ ዝስርሑ ዘለው ኩለመዳይ ስራሕቲ ልምዓት ብመሰረት ዝተኣሰረ ውዕል ይፍፀሙ ምህላዎም የረጋግፅ። ብርኪ ፍፃመኦም ይከታተል። ኣድላይቲ ደገፋት ኣንፈታትን ይሕብር ወዘተ። "ናይ ምንባር ብሕታዊ መረጋገፂ ቅልጡፍ ዕቤት እዩ" ድዩ ዝበለ ካርዲናል ኒውማን ዝተበሃለ ፀሓፊ። ከምኡ ስለዝኾነ እዩ እምበኣር ስጡም ኣስራርሓን ኣመራርሓን ክህሉ ዝተገበረ ኣብ ማረት።

ማረት ዓብዪ ትኹረት ሂባ ካብ ትሰርሐሎም ዓውድታት ሓደ ቀረብ ፅሩይ መስተ ማይ ገፀር እዩ። ማይ ሂወት እዩ'ሞ ነዚ ዋሕስ ኩሎም ሂወታውያን ዝኾነ ሃፍቲ ማይ ብኣግባቡ ኣብ ረብሓ ኣውዒልካ ሕብረተሰብ ኣብ ጥቕሑ ፅሬቱ ዝሓለወ ማይ ክረክብ ምግባር ቀፃላይ ዕማም ማረት እዩ ኩሎም ገፀራት ትግራይ 100 ሚኢታዊ ክሳብ ዝባፀሐሎም።

እዚኦምን ካልኦት ስራሕቲ ልምዓትን ኣማእኺሉ ዝዕመም ኩለመዳይ ስራሕቲ ልምዓት ማረት ቅድሚ ሕዚ ኣጋጢምዎ ዘይፈልጥ ሓደ ግዘ ዘይህብ ደብዳቤ /ተንጎፎ/ ኣተኣናገደ ኣብ ወርሓ ለካቲት 2013 ዓ/ም/ፈ።

እቲ ሽዑ ዝተላኣኽ ኤሌክትሮኒክ ደብዳቤ ካብቶም ብወገን ፅሩይ ቀረብ መስተ ማይ ምስ ማረት ዝሰርሑ ለገስቲ ኣካላት ሓደ ዝኾነ ዋተር ቱ ትራይቭ (Water to thrive ) ነበረ። ካብ መረበት ዓዳቶም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኮይኖም ብዘተሓባበሩ ኤ ግሊመር ኦፍ ሆፕ ኣቢሉ ኣብ መአከቢ ኤሌክትሮኒክ ደብዳቤታት ማረት ኣተው። ትሕዝቶ እቲ ደብዳቤ (E-mail) “ሓደ ንዋተር ቱ ትራይቭ ገንዘብ ኣዋፂኡ ብማረት ጉድጓድ ማይ ዝሰረሐ ወገን ስለ ዝሓመመ ብህፁፅ ናይታ ንሱ ዝሰረሓ ዒላን ተጠቀምትን ዘርኢ ፎቶ ግራፍ /ስእሊ/ ልኣኹልና” ዝብል ነይሩ።

## ፃዕሪ ማረትን ሓይሊ ፎቶ ግራፍን ኣብ ወፍሪ ሂወት ምድሓን

ሽም እቲ ብጣዕሚ ሓሚሙ ፎቶ ግራፍ ክልኣኸሉ ዝተሓተተ ሰብ ማርቲን ቶምፕሰን ይብሃል። ማርቲን ኣብ ኣሜሪካ ግዝኣት ደቡብ ዳኮታ 5 ግንቦት 1920 ኣ.ኣ ተወሊዱ። ዓቕሚ ኣዳም ምስ በፀሐ ምስ ዋነዳ ተመርዕዩ 4 ኣዋትን 3 ኣጓላትን ኣፍረዮም። ሕዚ ማርቲን ደቁ፣ ደቂ ደቁ፣ ደቂ ደቁ ደቆም ንምስዓም ዝበቐዐ በዓል ፀጋ ዕደመ እዩ። ን93 ዓመታት ብሂዎት ዝፀንሐ በዓል ፀጋ ዕደመ። ማርቲን ተወፂዑ ኣብ ኣፍ ሞት በፂሑ ኣሎ። ሕማሙ ንምድሓን ኣቐዲሙ ሆስፒታል ኣትዩ፤ ግን ለውጢ ከምፅእ ኣይካኣለን። ሓኻይም እቲ ሆስፒታል ሞያዊ ክእለቶም ተጠቒሞም ሂወት ሕሙም ማርቲን ከድሕኑ ዕዱል ኣይረኸቡን። ሂወት ማርቲን ሸዋሎ ተሳኢንዋ መዓልታት ተቖፂሮም። ሓኻይም ሰከንድታት ምስ ደቓይቕ፣ ደቓይቕ ምስ ሰዓታት እንዳለቋቐሙ ፃዕሮም ብምሕያል ሂወቱ ንምትራፍ ላዕልን ታሕትን ይብሉ ኣለው። ስድራ ማርቲን እውን እታ ዘይትትካእ ሂወት ንምድሓን ካብ ሓኻይም ብዝወሃቦም ምኽሪታት ተሓጊዞም ምስቶም ሓኻይም ተመሓዝዮም እጃሞም እንዳወፈዩ እዮም እታ ዘይትትካእ ሂወቱ ንምትራፈ። ይኹን'ምበር እዚ ኣብ ትውልዲ ዓዱ ብሰብ ሞያ ሕክምናን ስድራ ቤቱን ዝግበር ዝነበረ ዓቕሊ ፅበት ፅዓርዓር ሂወቱ ዘድሕን ኣፈንጨላ ኣይሃበን።

ብተን ንሱ ዝለገሰ ገንዘብ ጥራሕ ጉድጓድ ኩዒታ ን180 ትንፋስ ዕሬቱ ዝሓለወ ማይ ዝቐረበት ማረት ካሊእ ዕዬ ገዛ ተላኢኹላ ትፃደፍ ኣላ። ናብታ ካብ ከተማ መቐለ በፂሕኻ መልሲ 556 ኪ/ሜትር ርሒቓ ኣብ ዞባ ማእኸል ወረዳ ታሕታይ ማ/ጨው ጣብያ ቤተ ሰማዕቲ ቁሸት ዓዲ ለሓይ ፍሉይ ሽሙ ደማፂ ዝተበሃለ ቦታ ሰብ ሞያ ፎቶግራፍ ሊኢኻ ፎቶ እታ ዝተኺዕተት ዒላን ተጠቀምታን ኣልዒላ ንምምፃእ። ካብ መቐለ ተላዒልካ ነቲ ዝተጠቐሰ ርሕቀት ብእንኮ መዓልቲ በፂሕኻ ምምላስ ብጣዕሚ ከቢድ እኳ እንተኾነ ትሕዝቶ እቲ ደብዳቤ ግዜ ዘይህብን ህፁፅን ስለ ዝነበረ ብማረት ተተግቢሩ። እቲ ክስደድ ዝተደለየ ስእሊታት ተላዒሉ ኣብ እዋኑ

ንዝምልከቶ ኣካል ተዋሂቡ፡፡ ሂወት ወፃእተኛ ማርቲን ንምድሓን ዝግበሩ ዘለው ፃዕርታት ብዝተቐላጠፈ ኣገባብ እንዳተኸናወኑ እዩም፡፡ ብፍላይ ብወገን ማረት እንተነኣሰ ጉዕዞ ክልተ መዓልታት ዝወስድ ዝነበረ ርሕቐት ብሓደ መዓልቲ ተላኢሙ እቲ ዝተርፍ ብቴክኖሎጂ ተሓጊዝካ ኣብ ውሽጢ ሒደት ደቓይቕ ነቶም ፎቶታት ምቕባል /ምልኣኽ/ ጥራሕ ይኸውን፡፡

ሓኻይምን ቤተሰብን ማርቲን ሓገዝ ሕክምና ኣይፋል ኢልዋም እዩ፡፡ ሕዚ ቀሪዋም ዘሎ ኣማራፂ ፈጣሪ ክሳብ እተን ብማረት ዝተለኣኻ ፎቶገራፋት ኣብ ኢዶም ዝኣትዋ ዕድመ ማርቲን ክናወሐሎም ምፅላይ ይኸውን፡፡ ምእንቲ ምንታይሲ ኩሎም ዓይነታት ምርመራታት ኣካይዶም፣ ሰብ ሞያ ሕክምና ፍልጠቶምን ልምዲ ሕክምንኦምን ተጠቒሞም ሂወቱ ከትርፉ ስለ ዘይከኣሉ፡፡ ትኹረቶም ኩሉ ናብተን ካብ ማረት ዝለኣኻ ፎቶ ግራፋት ኮይኑ ኣሎ፡፡ ዓብይ ተስፋ ገይሮም፣ በዓልቲ ደጊፎም ይፅበዩ ከምዘለው የረድኣካ፡፡ ምኽንያቱ እታ ዝተረፈቶም ብሕታዊት ሂወት እተድሕን ኣማራፂ ንሳን ንሳን ጥራሕ እያ፡፡

ንልእኽቶ ሓገዛታ ቅልጡፍ ምላሽ ዝሃበት ማረት እውን ሂወት ማርቲን ድሒኑ ምርኣይ ቀዳማይ ዕማማ ነበረ እሞ ኣብ ኣፍ ሞት በፂሑ ንዘሎ ማርቲን ዝለኣኽቶም ፎቶ ግራፋትን ዕውትነት ስርሓን መድሓኒት ከምዝኾኖ እምነት ኣሕደረት፡፡ ኣብቲ ኢ-ሜይል  ንዝሰፈረ ምሉእ ሓበሬታ መሰረት ብምግባር ዝተፈላለዩ ፎቶታት ተላዒሎም ተላኢኹ፡፡ “In memory of my wife Wanda” -Martin Thompson ዝብል ትሕዝቶ ዘለዎ ዝተጠቀዐ ምልክት ምስተን ኣብ ከቢድ ፀገም ማይ ጥሒለን ዝነበራ ደቂ ኣንስትዮን ሕዚ ግን ሳላ ማርቲን ፅሩይ ማይ እንዳቐድሓ ዘርእዩ ፎቶ ግራፋት ተለኣኹ፡፡

ሓኻይምን ስድራ ቤትን ማርቲን እታ ዓብይ ተስፋ ኣሕዲሮምላ ዝነበሩ እንኮ ኣማራፂት ተፈፂማ ሕዚ ዝቐርዮም ነተን ብኢ-ሜይል ዝተላኣኻ ፎቶ ግራፋት ናብ ወረቐት ቀይርካ ንማርቲን ምርኣይ እዩ፡፡ እዚ ገይሮም እንተብቅዑ ማርቲን ሸዋሎ ከም ዝረክበ ዓብይ ትምኒቶም ነይሩ፡፡

ማረት ከም ትካልን ነዚ ዕማም ከቀላጥፉ ዝፀንሑ ኣካላትን እውን ድሕነት ማርቲን ብቐረባ ይከታተሉ ኣለው፡፡ ዝተደኸመ ድኻም ውዕኢታዊ ኮይኑ ሂወት ምትራፍ ንምርኣይ፡፡ "ንወሃቢ ፀባ ዶ ..." እቲ ምስላ መልእዎ ኣነ ግን ኩነታት ጥዕና ማርቲን ንኣንበብቲ ከፍልጥ ስለ ዝሃፀፅኩ ክቕፅል፡፡

# ቃል-ቃለ መሰኻኽር

ነዚ ናይ ሂወት ኣድሕን ወፍሪ ዘበናዊ መራኸቢ ሜላ ተጠቒመን ንነብሲ ወከፍ ምንቅስቃስ ዝከታተላ ዝነበራ ረኒ ማኑኤል ካብ ኣዲስ ኣበባ ግሊመር ኦፍ ሆፐን ሜሪ ሮድራጉዝ ካብ ዋተርቱ ትራይቭን እውን ኣብ ዕውት ስራሕ ዝተመስከረ ትግሃት ማረት ኣብ ሰብኣዊ ወፍሪ ከም ዝድገም ሃረርተኣን ልዑል ነይሩ። ኣብቲ ዝደለየኦ እዋን ነቲ ፎቶ ገራፋት ምስተረከባ እማ ኣብ ማረት ዝነበረን እምነት ናብ ዝለዓለ ጠርዚ እዩ በጺሑ።

ነቲ ኩነታት ኣብ ጎኒ ማርቲን ኮይና ብቐረባ ትከታተል ዝነበረት ጆ ወልፍ ብወገና ካብ ረኒን ሜሪን ንዝላኣኽላ ፎቶግራፋት ተቐቢላ ናብ ማርቲን ንምብፃሕ  ኣብ ምሽብሻብ ትርከብ።

ጆ ወልፍ ካብ ማረት ተላኢኾም ብረኒን ሜሪን ኣቢሎም ዝተላኣኹላ ፎቶግራፋት ኣብ ኢዳ በጺሖም ኣለው። ነቲ ሽዑ ዘነበረ ኩነታት ኣመልኪታ ኣብ ዝላኣኸቶ ኢ-ሜይል ጆ ነዚ ዝስዕብ ትብል "ብዛዕባ እዚ ታሪኽ ከውገዐኩም እየ" ኢላ ትጅምር እሞ "ነቶም ፎቶ ግራፋት ሒዘ ናብ ሆስፒታል ከይደ ንማርቲን ከርእዬ። ፈለማ ዝረኸብኩዋ ሓኪሙ እያ። ሽዑ ብጣዕሚ ምሕማሙን ምላሽ ክህበኒ ከምዘይኽእልን ነጊራትኒ። ናብ መደቀሲ ክፍሉ እንተምርሕ ንመንነተይን ሰላምታይን ምላሽ ዝህብ ዓቕሚ ኣይነበሮን። ኣብ ኣፍ ሞት እዩ በጺሑ ነይሩ። ኣተነፋፍስኡ ኣዕሪዩ ተዳኺሙ። ኣብ ትግራይ ብሽም ብዓልቲ ቤቱ ዋንዳ ዝኸዓቶ ዒላ ንሕ/ሰብ ግልጋሎት ፅሩይ ማይ ይህብ ምህላው፣ "መዘከርታ ንበዓልቲ ቤተይ ዋንዳ" ዝብል ኣብ ኣሉሚንየም ተፀሒፉ ዝተጣበቐ ፅሑፍ ዘርኢ ፎቶ ግራፍን ተጠቀምቲን ክህብ ተሃንንጥየ ብምንባረይ ብጣዕሚ ተባሳጬ፣ እቲ ኩሉ ዝተደኸመሉ ፃዕርታት ክርእዮ ብዘይምኽኣሉ። ተስፋ ብዘይ ምቁራፅ ግን ኢዱ ጨቢጠ ኩሉ ነገር ኣዋጊዐዬ ብዛዕባ እቲ ዒላን እቶም ዝተለኣኹ ፎቶ ግራፋትን፤ ክርድኣኒ ይኽእል እዩ ብዝብል ሓቦ ዳሓር ካዓ ንስድርኡ ብዝርዝር ነገረዮም። ብጣዕሚ ኣመስጊኖም። ትማሊ ብከምዚ ተሰነባቢትና" ኢለ ትቕፅልሞ ጆ ዝስዕብ ሓሳብ ትውስኽ።

ሂወት ማረቲን ካብ ዘድሓና ፎቶታት ገሊኦን






"ብፅባሒቱ ኣብ ቀፅሪ እቲ ሆስፒታል ሽመይ ዘድመፅ ፃውዒት ሰሚዐ፡፡ ካብ ልሳን ማርቲን ዝወፅ ድምፂ፡፡ ሽዑ ማርቲን ኣብ ወንበር ተደጊፉ ኮፍ ኢሉ ነይሩ ምስ ስድራ ቤቱ እንዳሰሓቐን እንዳተፃወተን፡፡ በቲ ዝተነገሮን ዝረኣዮም ፎቶ ግራፋትን ኣዝዩ ሕጉስ ነይሩ፡፡ ካብ ገፁ ብዙሕ ታሕጓስ ተንብብ፡፡ ቃል ብቓሉ "It was best charity investment" ኢሉ ተዛረበ፡፡ ለካ "ፅቡቕ ናይ ግብረ ሰናይ ስራሕ እዩ ተሰሪሑ ነይሩ" ማለት እዩ ብኣና እንትትርጎም፡፡ ብቲ ዝተፈጠረ ኩነታት ሰራሕተኛታት እቲ ሆስፒታል ኣዝዮም እዮም ተገሪሞም፡፡ ነቶም ፎቶ ግራፋት ሪኡ ማርቲን ብምድሓኑ፡፡ ብሓፈሻ ምሉእ ስድራ ቤቱ ብኣሰራርሓ እቲ ዒላ፣ ዝተሰርሐሎም ናውቲታት፣ ኣወሃህባ ግልጋሎት፣ ዝገብረሎም ክትትል ወዘተ ብጣዕሚ፣ ብጣዕሚ እዮም ሕጉሳት፡፡ ነቶም ፎቶግራፋት ንምልኣኽ ዝተገበረ ላዕልን ታሕቲን ካብ ልቢ ነመስግን ሂወት ንምትራፍ ዝተገበረ ወፍሪ ስለዝኾነ ምስ ሰላምታ" ኢላ ተሰናቢታ ጆ፡፡

ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኮይና ነዚ ተቀላጥፍ ዝነበረት ረኒ ማኑኤል በወገና ናብ ማረት ኣብ ዝሰደደቶ ናይ የቐንየልና ደብዳቤ /ኢሜይል/ ከምዚ ትብል "ተፃዲፍኩም፣ ላዕልን ታሕትን ኢልኩም ፣ቀልጢፍኩም ንዝለኣኹምልና ሓፈሻዊ ኩነታት እቲ ዒላ ዝዛረብ ፎቶ ግራፋት ኣዚና ነመስግን፡፡ ከምዚ ዘፃደፍናኩም ነታ ዒላ ዝሓገዘ ወገን ብሕማም ተወፂዑ ንሓኪሙን ስድርኡን ቅደሚ ሙማተይ ናይታ ዝኸዓትኩዋ ዒላ ፎቶ ግራፍ ኣምፁለይ ስለ ዝበለና እዩ፡፡ እዚ ካብ ዕለታዊ መደባትኩም ወፃኢ ምዃኑ ይርደኣኒ፡፡ ግዜ ከም ዘድልዩ እውን ይፈልጥ፡፡ ግን ግዜ

ዘይህብ ስለዝኾነኒ እዩ፡፡ እዚይ ኮይኑ ግን ዝሰራሕኹሞ ስራሕ ብበዓል ዋና እቲ ዒላ ማርቲን ቶምፕሰን ብጣዕሚ ከም ዝተመስገነ ክነግረኩም ይደሊ፡፡ እቲ ልዕል ኢሉ ዝተፀሓፈ ደብዳቤ ካብ ሓኪሙ ዝተለኣኸ እዩ፡፡ ብዙሕ ተሓጊሶም እዮም፡፡ ዝገበርኩም ልዑል ፃዕሪ ክንደየናይ ውፅኢታውን ዕውትን ምዃኑ ካብ ኣንደበቶም ክትርደኡ ስለ ዝደለኹ እዩ ሰዲደልኩም፡፡ ሰናይ ትምኒት፡፡" ኢላ ዕሑፋ ብምዝዛም ዝተሰመዓ ልዑል ሓጎስ ገሊፃ ረኒ፡፡

## ነበርቲ ቁሸት ዓዲ ለሓይ ከ እንታይ በሉ?

ዒዲ ለሓይ ኣብ ወረዳ ታሕታይ ማ/ጨው እትርከብ ቁሸት ኮይና ከም ካልኦት ቁሸታት ትግራይ ሓያል ፀገም ፅሩይ መስተ ማይ ዝነበራ ቁሸት እያ፡፡ ብፍላይ ኣብ ውሽጢ እታ ቁሸት እትርከብ ደማፂ ተባሂላ ትፅዋዕ ከባቢ ካዓ ምስቲ ዘለዎ ዓቐብ፣ ቁልቁልን ኣፃድፍን ዝበዝሖ ገፀ መሬት ነበርታ ፅሩይ ዝስተ ማይ ንምርካብ ተፀጊሞም እዮም ፀኒሖም፡፡ ኣብዚ ሕዚ እዋን ግን ሳላ ማረት ፅሩይ ማይ ኣብ ድሕሪ ገዝኦም ረኺቦም፡፡ ምስ እንስሳ ዘቤት እንዳተዳፋእኻ ዝምላእ ዝነበረ ማይ ከምድላይካ ኮይኑ፣ ብማይ ወለድ ሕማማት ዝሳቐ ዝነበረ ቆልዓን ዓብይን ድሒኑ ወዘተ፡፡ ሎሚ ነበርቲ ደማፅ ምስ ፅሩይ ማይ ዝተሓሓዝ ፀገም የብሎምን፡፡ ምስጋና ንማረትን ማርቲንን ይኹን፡፡

ሓጎስ ግርማይ ካብቶም ብማርቲን ዝተሰርሐት ማይ ዝጥቀሙ ነበርቲ ድማፅ ሓደ እዩ፡፡ ካብቲ ክሳብ ሕዚ ብቀረብ ፅሩይ ማይ መስተ ማይ ማረት ኣብ ሙሉእ ትግራይ ተጠቃሚ ፅሩይ ዝስተ ማይ ኮይኑ ዘሎ ልዕሊ 982,100 ህዝቢ እውን ከምኡ ሓደ፡፡ ብዛዕባ እታ ኣብ ከባቢኦም ተሃኒፃ ግልጋሎት እትህብ ዘላ ኢድ ኳዕቲ ማይ ኣብቲ ቦታ ብኣካል ተረኺብና እንትነዋግዖ ከምዚ ኢሉና "ህዝቢ ድማፅ ብጣዕሚ ኣብ ዓበይ ሽግር እዩ ነይሩ፡፡ እንስሳትን ሰብን ብሓባር ካብ ሓደ ሩባ ንጥቀም ነይርና፡፡ እቲ ማይ ፅሩይ ኣይኮነን፡፡ ብኣራግፅ ጨፈቕፈቕ ዝበለ፣ ሽንትን ዒባን ዝተበፅበዖ፣ ሕፃብ ክደን ዝወርዶ ኮታስ እንታይ ክብለካ ብጣዕሚ ረሳሕ እዩ ነይሩ፡፡ እቲ ረስሓቱ ከይኣክል ድማ ከም ዓለቕቲን ካልኦት ሓሳኹን ዝራብሕሉ ማይ ስለ ዝነበረ ንዝተፈላለዩ ማይ ወለድ ሕማማት ንቃላዕ ነይርና ይብል፡፡"

ሕዚኺ ከመይ እኒሀኹም? ኢለ ንዝሓታትኩዋ ሕቶ "ሎሚ'ማ ሓሊፉልና እዩ፡፡ ብፀልማት ደርገፍገፍ የለን፡፡ ማይ ንምቕዳሕ ሃነፍነፍ ኣይንብልን፡፡ ናይ ሰብን እንስሳን ተፈልዩ ፅሬቱ ዝሓለወ ማይ ኢና ንቐድሕ፡፡"

ኩነታት ናይቲ ማይ ዝኾዓተሎም ማርቲን እውን ብዝርዝር ኣፃዊተዩ። ኣዝዩ ሓሚሙ ምንባሩ ካብኡ ግን ፎቶ ግራፋት ናይታ ዒላ ምስ ረኣየ ከም ዝሓወየ እንትነግሮ “ቀደሙ እኮ ዝምስገን ስራሕ እዩ ሰሪሑ። ንፅቡቕ ዝሰርሐ ካዓ እግዚኣብሔር መሓሪ እዩ። እዚ ሰብ እዚ ኻዓ ሂወትና ስለ ዘድሓነ እዩ ኣምላኽ ኣድሒንዎ" ኢሉ መሊሱለይ።

ወግዐይ ምስ ካሊእ ተጠቃሚት እታ ዒላ ዝኾነት ወ/ሮ ዛፉ ግደይ ቀፂለ። ዛፉ እኖ 6 ቆልዑ እያ። ነዞም ስድራ እዚኦም ዝሽውን ማይ ኣሊሽካ ምርካብ ብጣዕሚ ፈታኒ ምንባሩ ትዝክር። "ሓንቲ ጀሪካን /ዕትሮ/ ናብ እንዳስድራ ኣምፂእኻያ ንፃት እውን ኣይትፀንሕን። ካበይ ንመስተ፣ ካበይ ንመዳዊ ምግቢ፣ ካበይ ንመሕፀቢ ህሙንሙና እያ ትጠፍኣና ነይራ። ድኻም ተፃዊርና ደጋጊምና ከይነምፅእ እኹል ማይ ኣይነበረን። ነዊሕ ተራ ሒዝካ ኢኻ እንኮ ጀሪካን ትመልእ። ኣብ ልዕሊኡ ዝራግ እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ብጨርቂ ክነትርፎ ንፍትን ግን ፅሩይ ማይ ኣይኸውንን" ትብል።

ሕዚ ዘሎ ሃዋህው ከ እንታይ ይመስል? ንዝብል ድማ "ሎሚ’ማ እንጀራ ካሲስና እውን ኢና ማይ ነምፅእ። ምኽንያቱ ተራ ዝበሃል የለን እቲ ማይ እውን ኣብ ጎኒ ገዛና እዩ። ብኻይ እዙይስ ቅድም ኢሉ ኮይኑ። ሓደ ካብ ድኻም ምድሓንና ካልኣይ ነገር ከኣ ካብ ተደጋጋሚ ሕማማት ምድሓንና ነይርና። ዝኾነ ኾይኑ ንዝተገበረልና ሓገዝ ካብ ልቢ ኢና ነመስግን።” ኢላ ዝስዕብ ወሲኻ “ነቲ ዝስርሐልና ሰብኣይ ማርቲን እውን ነዊሕ ዕድመን እንጀራን ይሃቦ። እንታይ እሞ ይኹን ዓቕሚ እንዶ ዘይብልና ኮይና እምበር ነዘይስ ሽልማት ይግብኦ ነይሩ። ሕዚ እውን ግን ተሰፋ ንገብር ብኣካል መፂኡ ክሪኣ እሞ ንሕናውን ክንላለዮ" ትብል ወ/ሮ ዛፉ



## ዛፉ ኣብ ጥቓ ገዝኣ ፅሩይ ማይ እንዳቐደሐት

ማረት ኣብ ገፀራት ትግራይ ብተሳልጦም ዘላ ልምዓታዊ ስራሕቲ ቀረብ ፅሩይ መስተ ማይ ከም ዛፉ ዝበላ ደቂ ኣንስትዮን ዓዲ ውዒል ሽማግለታትን ተጠቀምቲ እንዳኾና እየን:: ብዝተፈላለዩ ቴክኖሎጂታት (ኢድ ኳዕቲ፣ማሽን ኳዕቲ፣ ፍልፍል ምዕባለ፣ ብሓይሊ ፀሓይን ምውህላል ማይ ዚንጎ ተጠቒማ) በቢ ቁሸቱ ብርክት ዝበለ ህዝቢ እንዳገልገለት እያ:: ክሳብ ሕዚ ብዞም ልዕል ኢሎም ዝተገለፁ ቴክኖሎጂታት ገይራ ልዕሊ 3,316 ፍልፍል ነቐጣታት ማይ ሰሪሓ ናብ ግልጋሎት ኣብቂዓ እያ ማረት::

ነዚ እዩ ድማ መብዛሕትኡ  ህዝቢ "ማረት ጓል እኖ" እንደበላ ዝፅወዓ:: ከምቲ ዘንበብናዩ እውን ማረት ሳባ ኣድሒና ወፃእተኛታት እውን ምድሓን ጀሚራ ዘላ፤ ሳላ እቲ ዕቱብ ፃዕራ:: ስብኣዊ ስራሕቲ ማረት ካብ ህዝቢ ትግራይ ሓሊፉ ንበዓል ማርቲን እውን በፂሕሎም ኣሎ::

ግን እባ ማርቲን እቶም ፎቶ ግራፋት እንተዘይለኣኹ ወይ እንተዝድንጉዩስ ምድሓነ ዶ?

ንሪኢቶታትኩም  rest@ethioinet.et; haweriagh@gmail.com ተጠቐሙ::

ኣመስግን::

<u>ሓበሬታ:</u> ዕለት ባሕቲ ሰነ 2005ዓ/ም (08 ሰነ 2013ኣ.ኣ) ተወሳኺ ሓበሬታታት ማርቲን ንምርካብ ዓሊመ እንትሓትት ዋላካ ማርቲን ነቶም ፎቶታት ሪኡ ጣዕዩ እንተነበረ 07 ለካቲት 2013ኣ.ኣ ኣብ 93 ዓመቱ ከም ዝዓረፈ ተነጊሩና:: ብሞቱ ኣዚና ሓዚንና ብስራሕቱ ግን ተሓጒስና:: ማርቲን ዋርዳን እዚኦም ነይሮም::




*ርክብ ህዝቢ ማሕበራዊ ረድኤት ትግራይ /ማረት/*

ማረት ኣብ ወፍሪ ድኽነት ምጥፋእ ዓበይቲ መሰረተ ልምዓታታት እትዓምም ዘላ ትካል